# ቤት ትምህርቲ ወድ–ሸሪፈይ መበል 36 ዓመት ትምህርቲ ብ 686 ተመሃሮ ትጅምር

ወድ–ሸሪፈይ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ጥቓ ዶብ ኤርትራ ትርከብ መዓስከር ስደተኛታት ዝርከባ ንእሽቶ ከተማ እያ። ቤት ትምህርቲ ወድ–ሸሪፈይ ንክንድዚ ዓመታት ዝኣክል: ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ክይሰልከየት ኣገልግሎት ክትህብ ዝገበራ ብልጫታት: እኩብ ድምር ናይዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት እዩ። ንሳቶም ድማ፤ ተወፋይነት መማህራና : ናይቶም ዘይሕለሉ ኣባላት ኣሰ Association Suisse Enfance-Erythrée (ASEE) ጻዕርን: ምትሕብባር ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ከሰላን: ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ኣብ ሰሜን ኣመሪካን: መሓዙት ቤት ትምህርቲ ወድ–ሸሪፈይ ኣብ ሸወደንን ግዱሳት ውልቀሰባት ኣብ መላእ ዓለምን እዩ።




ወድ–ሸሪፈይ ብቤት ትምህርቲ ድኻታት ዝብል ቅጽል ስም እያ ትጽዋዕ: እቲ ምኽንያት ካኣ: ተመሃሮ ዝኸፍልዎ ዓመታዊ ክፍሊት ምስ ካልኦት ብምዝማድ ኣዝዩ ትሑት ብምዃኑን ተመሃሮ ኣብ ነብሲ ወከፍ ካልኣይ ዓመት ብነጻ ዝዕደልዎ ዩኒፎርምን እዩ። ካብቲ ብተማሃሮኣ ዝረአ ጽቡቕ ውጽኢት ተመርኲሶምውን ሰበስልጣን ክፍሊ ትምህርቲ መንግስቲ ሱዳን: ነታ ቤት ትምህርቲ ናይ ታሽዓይ ክፍሊ ትምህርቲ (ማእከላይ ደረጃ) ዘይትህበሉ ምኽንያት የልቦን እዮም ዝብሉዋ። ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ነዚ ክዉን ንምግባር: ዘድሊ ፋይናንስያውን ንዋታውን ንምድላው ምስ መሓዙቶም ኣብ ምርድዳእ ይርከቡ።



እታ ንመበል 35 ዓመታት ኤርትራዊ ካሪክለም እናተኸተለት ንስደተኛታት ቆልዑ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ከተወፊ ዝጸንሐት ቤት ትምህርቲ ወድ–ሸሪፈይ ሕጂውን ከምቲ ልሙድ ብዕለት 23 ሰነ ናይ 2019–2020 ዓመታዊ መደብ

ትምህርቲ 686 ተመሃሮ ብምምዝጋብ እያ ስራሓ ጀሚራ ዘላ። ብመሰረት መምርሒ ክፍሊ ትምህርቲ መንግስቲ ሱዳን፡ ኣከደሚካዊ ትምህርቲ ኩለን ቤት ትምህርትታት ሱዳን፡ ካብ ወሒ ሓምለ ክሳብ ወርሒ መጋቢት እዩ ዝወሃብ።

ከም ዝዝከር ኣብ ዝሓለፈ ወቕተ–ትምህርቲ፤ ዝተፈላለዩ ባህርያዊ ዕንቅፋታት ከም ዕልቕልቕ ናይ ዝናብን ተላጋቢ ሕማምን ስለዘጋጠማ  ስሩዕ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብግቡእ ከተካይድ ተጻጊማ ጸኒሓ እያ። ብተወሳኺ ድማ ብሰንኪቲ ኪጋጥም ዝጸነሐ ፖለቲካዊ ቅልውላዋት፡ ባንክታት ሱዳን ብግቡእ ክሰርሕ ብዘይምጽንሑ፡ ደሞዝ መማህራን ኣብ ግቡኡን ዕለቱን ክወሃብ ስለ ዘይተኻእለ፡ ኣብ መነባብሮ መማህራን ሃስያ ኣስዒቡ እዩ። እተን ስሩዕ ትምህርቲ ዝወሃበለን ግዜታትውን እንተኾና ካብ ክቱር ዋዒ ተማሃሮ ይኹን መማህራን ብኣድማዕነት ክዋስኡ ከምዘይክእሉ ርዱእ እዩ። ነዚ ሽግርዚ ንምቅላል ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ፤ ናይ ኤለክትሪክ ገመድ ናይ ምስሓብ ፍቓድ ኣብ ምውጻእን ምስ ተኾናተርቲ ኣብ ዝርርብ ይርከብ።

ብእድሪስ እስማዒል